# ዘደመና/ዘጊሜ

## ሓምለ 10 2014 ዓ.ም. (07/17/2022)

መዝሙር፡ ክርስቶስ ንጉሥ እዩ መሓሪ እዩ፥ ንዘራኢ ዘርኢ ይህቦ እኽሊ ንመግቢ የብቅዖ፥ ንመስኪን ካብ ምድሪ የልዕሎ፥ ንሥልጣኑ ሓደኳ ዘይምንዝዖ ንጻድቃኑ ታሕጓስ ይእዝዘሎም፥ ሰንበት ንዕረፍት ሰርዐ፥ ገባር ሕይወት አብ ዓዓመት ክረምቲ ዝኸፍት እዩ።

ንባባት፡ ሮሜ 8:26-27፥ ያዕ 3፡13-ፍ፥ ግ.ሓ. 27፡18-26፥ ማቴ 13:24-43

ምስባክ፡ ሐወጽካ ለምድር ወአርወይካ፥ ወአብዛህካ ለብዕላ፥ ፈለገ እግዚአብሔር ምሉዕ ማያት። “ንምድሪ በጻሕካያን አርወኻያን፥ ሃብታ ኸአ አብዛሕካዮ፥ ፈለግ እግዚአብሔር ማይ ዝመልአ እዩ” መዝ. 65፡9።

እዋንት ክራማት ስለ ዘሎና ናይ ሎሚ ሰንበት ዘጊሜ ተባሂሉ ይፍለጥ ወንጌልና መቐጸልታ ናይ ዝሓለፈ ሰንበት እዩ። ብዛዕባ መንግስተ ሰማይ ይዛረብ። ማቴዎስ መንግስቲ አምላኽ አይብልን እዩ ምኽንያቱ ወንጌሉ አብቶም አይሁድ ዝነበሩ ክርስትያን ስለ ዝጸሓፎ። ካብ ክብሪ ዝተላዕለ አብ ባህሊ አይሁድ ስም አምላኽ ብቐጥታ አይጽውዑን እዮም። መንግስተ ሰማይ ዝብል ካልእ አጸዋዓ እግዚአብሔር (አምላኽ እዩ ዘስምዕ። ማቴዎስ ካልእ አገባብ እውን ይጥቀም ንአብነት ብቐጥታ አምላኽ ክንዲ ዝብል ከምዚ ይብል ኃጢአቶም ንዝሓድግክምሎም ክሕደገሎም እዩ (ብአምላኽ ማለት እዩ) መሓርቲ ምሕረት ክረኽቡ እዮም እሞ ብፁዓን እዮም (ብአምላኽ ማለት እዩ) ማርቆስን ካልኦትን ንአብነት ናብ አይሁድ ዘይኮኑ ስለ ዝጸሓፍዎ መንግስቲ አምላኽ ኢሎም ክጽሕፉ አይጽግሞምን። ካልእ ክነስተውዕለሉ ዘሎና መንግስተ ሰማይ ዝብል ዘይ ናቱ ትርጉም ክንህቦ ይክአል እዩ ማለት ድሕሪ ሞት ዘሎ ወይ ካልእ ዓለም ብዘይክ እዚ እንነብሮ ዘሎና ዓለም ከስምዕ ይኽእል እዩ እንተ ኾነ አብዚ መንስተ ሰማይ ክብል እንከሎ ነዚ እንነብሮ ዓለም ሕጂ ዘሎናዮ እዩ ዘስምዕ።

እምብአር ኢየሱስ ከምኡ አብ ወንጌል ዘሎ ብንጹር ክንርእዮ እንተ ኸአልና ነዚ ሕጂ እንነብሮ ዘሎና ዓለም እዩ ዘስምዕ። መንግስቲ ዝብል ዘመልክቶ ነቲ ዘስተምሃረና ጸሎት መዓልታዊ እንጽልዮ እዩ። ፍቓድካ አብ ሰማይ ከምዝኾነ ከማኡ አብ ምድሪ ይኹን እናበልና ንጽሊ። እዚ ክዉን ዝኸውን ከአ ንሕና ፍቓደኛታት ኮና ምስ ኢየሱስ ምስ ብሓባር ምስ እንሰርሕ ጥራሕ እዩ።

ባህሪ ናይ እቲ መንግስቲ፡

መንግስቲ ዝብል አብ ወንጌል ንቦታ ወይ አብዚ ወይ አብቲ ንዘሎ አየስምዕን እዩ። ብቛንቋ ግሪክ ባዚሊያ (basileia) ዝብል ዝበለጸ ትርጉሙ ንግስነት (Kingship) ግዝአት (reign) ወይ ስርዓት ሕጊ (rule) ዝብል እዩ። አብ ገለ ትርጉማት ንግስነት አምላኽ (Reign of God) ዝብል ንርኢ። ብቀዳምነት እቲ መንግስቲ ኩነታት እዩ፥ አብ መንጎ ዘሎ ርክባት፥ ኩነታት ናይ አምላኽ ጸጋታት ወይ ህያባት ዝግለጸሉ። ናይ አምላኽ ህያባት ወይ ጸጋተት (values) እንብሎም እንታይ እዮም? አብ ግብሪ ክንርእዮም እንክለና እቶም ናይ ሰብ ቀንዲ ነገራትን (human values) ብመንጽር ሕይወት ኢየሱስ ዝተራእዩ፥ ኢየሱስ ንባዕሉ ግልጸት አምላኽ ብመልክዕ ሰብ ንአና እዩ። እዞም ነገራት (values) ሓቂ ፍቕሪ፥ ሓልዮት፥ ርትዒ፥ መንፈስ ምትሕብባር ምስ ኩሎም ሰባት፥

ቅዱስ ርድኢት ናይ ሰብ ምዕባይን ምምዕባልን የጠቓልል። እዚ ክንብል ከሎና እዞም ዝተጠቕሱ ኩሎም ብመንጽር አምላኽ እቲ ቀንዲ ምንጮም ክርአዩ አልኦም። ከምኡን ምስኡን እንተ ኾና ኢና ነዚ ነገራት ክነብሮ እንኽእል። እዚ ነገራት ምስን ብኢየሱስን መራኽቢና ምስኡ እዮም።

ሰባት ብግልን ብሓባርን ነዞም ነገራት ክነብርዎም እንተ ፈተኑ ምስ ኢየሱስ አብ መንግስቲ አምላኽ ይነብሩ። ኩላትና ክንርእዮ እንደሊ አብ ግዝአት አምላኽ ሓቢሮም ሓዲስ ዓለም ክምህዙ ይተሓባበሩ። እዚ አብዚ እንነብሮ ዓለም ዝበለጸ ነገር እዩ። እዚ መሰረታዊ መጸዋዕታ ቤተ ክርስትያን ብኡ አቢሉ ኸአ ናይ ሓንቲ ቊምስናን ናይ ኩሉም አባላት ማሕበርን እዩ። አብዚ ክነስተውዕሎም ፈላሊና ክንርእዮ ዘሎና እቲ መንግስትን ቤተ ክርስትያንን ክልተ ማዕረ ዝርአዩ ከምዘይኮኑ እዩ። እቲ ንግስነት ካብ ቤተ ክርስትያን ይገፍሕን ይዓብን። አብዚ ብዙሓት ብርግጽ ንክርስቶስ ዘይፈልጥዎ ክህልዉ ይክአል እዩ ግን እቲ ቅኑዕ መንገዲ ተኸቲሎም ንናይ እቲ መንግስትን ንኩሎም ቅኑዓት ነገራት አብ ሕይወቶም ዝነብሩ ክህልዉ ይክአል። ንአብነት ማህተማ ጋንዲ ወይ ዳላይ ላማ ከም አብነት ክንወስዶም ንኽእል። ብኻልእ አዘራርባ ኸአ ንሕና ስለ ዝተጠመቕናን አባላት ቤተ ክርስትያን ስለ ዝኾና አብ ትሕቲ እቲ መንግስቲ አምላኽ ኢና ክንብል አይንኽእልን ኢና፥ አባላት ወይ ክፍሊ እቲ መንግስቲ አምላኽ ክንከውን አብ መዓልታዊ ሕይወትና ብመንጽር እቲ መንግስቲ ክነብር አሎና።

## ክርዳድን ስርናይን፡

አብ ናይ ሎሚ ወንጌል ሰለስተ ምሳሌታት ብዛዕባ መንግስተ ሰማይ አብ መንገና ከመይ ኢሉ ከም ዝዓቢ ይነግረና። መጀመርያ ምሳሌ ክርዳድን ስርናይን እዩ። መንግስቲ አምላኽ ዝሓቶ ንዝለዓለን ደረት ዘይብሉ ሕያውነት ክሰርሑ ይሓትት። ከምኡ ዝልዓለ ትዕግስቲ ወይ ምጻር አብ መንግስቲ አምላኽ አብ ግብሪ ከምዝርአ ምግባር። ሕብረተ ሰብ አብ መንግስቲ አምላኽ ክምለስ ቀስ ብቐስ ዝብጻሕ ጉዳይ እዩ። ሰባት ንአምላኽ ወይ እውን ንጽቡቕ ሕይወት ቀዳምነት ሂቦም ክነብሩ ምስ ጀመሩ ምስኡ ዝመጽእ ፈተና ወይ ጸገም አሎ ንርእሰኻ ምሩጽ ወይ ሕሩይ ካብ ካልኦት ገርካ ምርአይ። ከም ክርስትያን አብ ገለ እዋን ካብ ካልኦት ዝበለጽና ወይ ዝሓሸና ገርና ንርኢ፥ እምነትና ካብ ናይ ካልኦት እምነት ዝበለጸ ገርና ንሓስብ፥ ከም ካቶሊካውያን ብዙሓት ካባና ዝተፈልዩ ክንሓስብ እንክሎና ከም ከኒሻ፥ ጰንጠ፥ አንግልካንስ . . . ወላ እውን አብ መንጎ ካቶሊካውያን ተሓድሶ፥ ሰራዊት ማርያም፥ ቅዱስ መጽሓፍ ዘጽንዑ ጋንታ፥ ማሕበር ሰላም. . . ዝአመሰሉ ካብ ካልኦት ዝሓሹ ገሮም ዝሓስቡ አለዉ።

አብ ዕለታዊ ሕይወትና እንተ ረአና ብዙሕ ነገራት ስለ ዘይንቕበሎ ወይ ስለ ዘይንፈትዎ ንፈርድ ሽው ካብ ካልኦት ዝፈልየና ነገራት ጥራሕ ንሓስብ እዚ ግን ካብ አምላኽን ካብ ማሕበርን የውጽአና።

## ብሓባር ምንባር የድሊ።

ናይ ሎሚ ምሳሌታት ኩልና በብዘሎና ጠባይን ድኽመትን ብሓንሳብ ክነብር ከምዘሎና እዮም ዝሕብሩና። ብፍላይ እቶም አብ ትምህርቲ ክርስቶስን ትምህርቲ ቤተ ክርስትያን ጸኒዖም ሕይወቶም ዝመርሑ ምስቶም ካልኦት ብዝተፈላለየ መገዲ ምስኦም ዘይሓብሩ ሰሚሮም ክነብሩ አለዎም። እዚ ንክርስትያንን ዘይክርስትያንን ዝጥርንፍ እዩ። ቤተ ክርስትያን ኩሉ ጊዜ አብ ውሽጣ ኃጥአንን ጻድቃንን ዝሓዘለት እያ። ንርእስኻ ካብ ካልእ ጸብለል አቢልካ ምርአይ አብ ሓሶት ምንባር እዩ። ኢየሱስ ከምዝብለና ጥዑያት አይ ኮኑን ንሓኪም ዝደልዩ ኩሎም ኃጥአንን መኽፈልት ቀረጽን እውን ከምኡ አነን ንስኹምን ንደልዮ ኢና።

ኣብ ርእስና ተመሊስና እንተ ረአና ነፍስወከፍና ብስርናይን ክርዳድን ዝቖምና ኢና። ኣብ ሕይወት ነፍሲ ወከፍና ንመንግስቲ ኣምላኽ ዝበቅዕን ከምኡ ዝጻረርን ኣሎና። ቅ. ጳውሎስ ነዚ ኣብ ሕይወቱ ኣለልይዎ እዩ (ሮሜ 7፡21-25)። ስለዚ ምስ ዘሎና ድኽመት ርኢና ከመይ ኢልና ክንጸውር ከም እንኽእል ክንምሃር ኣሎና። ኣባና ዘሎ ድኽመትን ጌጋታትን ርኢና ክንክእል ኣሎና። ኣምላኽ ንጳውሎስ ከም ዝሓበሮ ኣብ ድኽመታቱ እዩ ግርማኡ ዝገልጸሉ። "ኃይለይ ኣብ ድኻም እዩ ዝግለጽ እሞ ጸጋይ ይኣኽለካ በለኒ" (2ቆሮ 12፡9) ይብል። ምጽኣት መንግስቲ ኣምላኽ እምብኣር ብቀሊልን ብጥዑምን ጉዕዞ ኣይኮነን ዝመጽእ። ኣብ ተደጋጋማይ ተመክሮ ሕይወት ከም እንርእዮ እዚ ለውጢ ኣብ ግላውን ማሕበራውን ሕይወት ከምጽእ እንተ ኾይኑ ቀስ ኢሉ እዩ ዝመጽእ።

## ብንእሽቶይ ነገር ምጅማር፡

ኣብተን ዝስዕባ ክልተ ምሳሌታት ክልተ ካልእ ነገራት መንግስቲ ኣምላኽ ንርኢ። ምሳሌ ዘርኢ ኣድሪ ስራሕ መንግስቲ ኣምላኽ ብንእሽቶይ ከምዝጅምር እዩ ዝሕብረና፥ እዚ ኸአ ኣብታ ብክርስቶስ ዝጀምረት ቤተ ክርስትያን ትኹን ወይ ከአ ኣብ ሓንቲ ሓዳስ ብናይ መንግስቲ ኣምላኽ ግልጸት እትጅምር ዘላ ዘስምዕ እዩ። ራእይ ብዛዕባ መንግስቲ ኣምላኽ በየን ከም ዝጽመጽእ ብዘየገድስ ኩሉ ጊዜ መሰረት ወይ መጀመሪ ኣለዎ፥ ኣብ ጉዕዞ ኽአገለን ዘይክሓድን ዕብየት ከርኢ እዩ። ከመይ ኢሉ እዩ እዚ ዝኸውን?

ምኽንያቱ ብዛዕባ መንግስቲ ኣምላኽ ዘሎና ርድኢት ጸቢብ ሃይማኖታዊ ኣረኣእያ ኣይኮነን ዘሎና። ናይ ኩሎም ደቂ ሰብ ብዓሚቕ ኣረኣእያ ተረዲእና ኢና እንርእዮ። ንቤተ ክርስትያን ኣብ መጀመርያ እዚ ርድኢት ቀሊል ብድሆ ኣይነበረን፥ እቶም ውሑዳት ኣባላታ ኣብ ኩሉ ተዘርጊሖም። ከቢድ ተጻብኦን ስደትን ኣብ ኩሉ ገጢምዎም ብዙሓት ጸላእቶም ካብ ገጽ ምድሪ ጨሪሶም ከጥፍእዎም ዝክኣሎም ገሮም። እንተ ኾነ ኣብ መወዳእታ ኣመንቲ ክርስቶስ ንሓቂ ፍቕርን ርትዕን ኣብ ሕይወቶምን እምነቶምን ብግብሪ ከምዝርአ ገሮም። እቲ ዘገርም እዚ ኹሉ ተሓሊፉ እንከሎ ጌን እቶም ዘርኢ ክርዳት ኣብ ሕይወት ቤተ ክርስትያን ኣለዉ።

ኣብ ሳልሳይ ምስሌ ብዛዕባ መንግስቲ ኣምላኽ ከም ማይ ብሑቕ ይምስላ። ንእሽቶይ መባኹዕቲ ነቲ ዝዓበየ ብሑቕ የብኩያ። ኣብ ብሑቕ እቲ መባኹዕቲ ካብኡ ፈሊኻ ክትርእዮ ኣይትኽእልን ኢኻ ኣብ ውሽጡ ምስኡ ኮይኑ እዩ ዘብክያ፥ እዚ ኣምሳል ናይ ሓንቲ ማሕበር ክርስቶስ እዩ። ኣብ ማእከል ሕብረተሰብ ኮይና ንእምነታን ንትምህርቲ ክርስቶስን ከም መባኹዕቲ ኮይና ንዓለም ትቕይራ። እቲ ቤተ ክርስትያን እትገብሮ ኣብ ሕይወት ደቂ ሰባት ዓቢ ለውጥን ዕብየትን ኣምጺኡ። ኣብ ገለ እዋናት ነገራት ከምቲ እንደልዮ እንተ ዘይከዱ ወይ እውን ኣብ ዕብየትን ብዝሕን ኣመንቲ ጥራሕ ኣተኲርና እንተ ርአና ብዙሓት ነቲ ንሕና እንርእዮ ክርእዩ እንተ ዘይክኣሉ ተስፋ ንቖርጽ ወይ እውን ነቲ እንገብሮ ንሓድጎ እዚ ግን እቲ ክርስቶስ ዘስተምሃሮ ኣይኮነን ኩሉ ጊዜ ምሳና ኣሎ።

ኣብዚ ናይ ሎሚ ወንጌል ምዛዕባ ምሳሌ መንግስተ ሰማይ እምብኣር ሕጽር ብዝበለ ከምዚ ገርና ክንርእዮ ንኽእል፡

- **ኩሉ ዝሓዘ እዩ።** መንግስተ ሰማይ ክንብል እንከሎና ኩሉ ዝሓዘ ሕጽቡቕን ሕማቕን ብርቱዕን ድኹምን ጽሩይን ረሳሕን፥ ኩሉ ብሓደ ኣብ ቤተ ክርስትያንን ኣብ ማሕበራትን ካብ ቤተ ክርስትያን ወጻእን ዝርከቦ እዩ። ኣብ ማእከል ናይ ገዛእ ርእስኻ ደሴት ምፍጣር ሓቅነት የብሉን ንርእስኻ ምውዳቕ እዩ።

- **ንኹሉ ኣብ ኢድ ኣምላኽ ምግባር የድሊ።** ክሳብ ክንደይ ውሑዳት ንኹን ብዘየገድስ ኣብቲ መንፈስ ኣምላኽን ኣብቲ መንግስቲ ኣምላኽ ካባና ዝደልዮ ነግራት ጽኑዓት ንኹን እምበር ዝተፈላለየ ጸገማት ዘፍርሕ ይኹን ዘሓጉስ ንኹሉ ክንዕወተሉ ኢና።

- **ንኹሉ ዝገብር ኣምላኽ እዩ።** መንግስቲ-ማሕበር ወላ እውን ንእሽቶይ ይኹን ኣብ ከባቢኡ ዘሎ ክነታት ዓቢ ጽልዋን ለውጥን ከምጽእ ይኽእል እዩ። ነቲ ናይ መንግስቲ ኣምላኽ ዝሓቶ ነገራትን ጥቕምታትን ኣብ ማእከል ሕብረተ ሰብ ዓቢ ጽልዋ ከሕድር ተኽእሎ ኣሎ። ኣምላኽ ምሳና እንተሎ ዝጎድለና ነገር የለን።

ክርስቶስ ሎሚ ንነፍሲ ወከፍና ኣብ ግራቱ ክንዓዪ ዝፈላልየና ነገራት ንድሕሪት ሓዲግና ኣብቲ ክነፍርየሉ እንኽእል ክነተኩር ይሓተና ኣሎ። ነቲ ኣምላኽ በብእዋኑ ዝህበና ጸጋ ተቐቢልና ኣብ ግራት ኣምላኽ ክንዓዪ ፍቓደኛታት ንኹን። ነዚ የብቅዓና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ